# ናይ መንሸሮ ምርመራ ሂወትካ ከድሕን ይኽእል እዩ

·ኣብ ኦንታርዮ 1 ካብ 2 ሰባት ኣብ ምሉእ ሂወቶም ሕማም መንሸሮ ይርከቦም እዩ።
·ናይ መንሸሮ ምርመራ ኣብ መጀመርታ ግዚኡ ከሎ ከምኡዉን ህፍወስ ኣብ ዝኽእለሉ መንሸሮ ኣብ ምርካብ ይሕግዝ።

---

ቀንዲ ኣቕራቢ ክንክን (ናይ ስድራ ሓኪም ወይ ክኢላ ነርስ) ዘይብሎም ሰባት ናይ ሕማም መንሸሮ ምርመራ ከካይዱ ይኽእሉ እዮም ከምኡዉን ናይ Ontario Health Care (OHIP፣ ኦንታርዮ ክንክን ጥዕና) ካርድ ምስ ዝህልወካ ነጻ እዩ።

ቀንዲ ኣቕራቢ ክንክን ምስ ዝህልወካ፣ መጀመርታ ምርመራኻ (ታትካ) ንምሓዝ ኣቐዲምካ ክትረኽቦም ትኽእል ኢኻ።

ቀንዲ ኣቕራቢ ክንክን ምስ ዘይህልወካ፣ ብኽብረትካ ናይ መንሸሮ ምርመራ ካልእ መንገድታት ንምርካብ ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ተመልከት። ኣብዚ ሰነድ ዘሎ ሓበሬታ ብኣኽብሮት ናይ Cancer Care Ontario እዩ።

ንሓደ ካብቶም North York Toronto Health Partners (NYTHP፣ ኖርዝ ዮርክ ቶሮንቶ ናይ ጥዕና መሻርኽቲ) ክልኒክ መመርመሪ መንሸሮ ከተካይድ ወይ ናይ መንሸሮ ምርመራ ቈጸራ ንምሓዝ ከምኡዉን ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ብጽሓዮም። ንዝርዝራት ናይ መጻኢ ክልኒካት ኣብዚ ጠዉቕ ወይ ነቲ ብየማን ዘሎ QR ኮድ ስካን ግበሮ።

---

## ምርመራ ናይ ሕማም መንሸሮ ጡብ



- ሕማም መንሸሮ ጡብ ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ኣዝዩ ልሙድ መንሸሮ እዩ
- መብዛሕቲኡ ግዜ ምርመራ ሕማም መንሸሮ ጡብ ብማሞግራም (ናይ ጡብ ራጂ) ይካየድ።

**ሓድሽ** - ንዕለት 8 ጥቅምቲ 2024፡ ፕሮግራም መርመራ ጡብ ኦንታርዮ (OBSP) ካብ 40 ክሳብ 49 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት መርመራ መንሸሮ ጡብ ንምሃብ ክሰፍሕ እዩ።ከም ኣካል ናይቲ ምስፍሕፋሕ፡ ካብ 40 ክሳብ 49 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት ባዕሎም ናብቲ... መደብ።

ሰባት ብስልኪ ቁጽሪ 1-800-668-9304 ብምድዋል ወይ ድማ ናብ ናይ ኦንታርዮ ናይ ጡብ መርመራ ፕሮግራም ቦታ ብምብጻሕ ባዕሎም ክውከሱ ይኽእሉ። ናይ ገዛእ ርእስኻ ቆጸራ ንምሓዝ ወይ ድማ ነቲ ኣብ የማን ዘሎ QR ኮድ ስካን ንምግባር ነቲ ናይ ቦታ ካርታ ኣብዚ ምረጽ።

ብዛዕባ እቲ ናይ መምርሒ ለውጢ ዝኾነ ሕቶ እንተሃልዩኩም፡ በጃኹም cancerinfo@ontariohealth.ca ተወከሱ።

**መን እዩ ንመርመራ መንሸሮ ጡብ ብቑዕ?**

- ካብ ጥቅምቲ *8,2024* ጀሚሩ ንደቂ ኣንስትዮ ወይ ካብ *40* ክሳብ *74* ዓመት ዝዕድሚኦም ትራንስን ዘይባይነሪን ሰባት መርመራ መንሸሮ ጡብ ይግበር። ሕጂ'ውን ነቲ መዐቀኒታት እንተተማሊእካን *OHIP* ካርድኻ ግዜኡ እንተወዲኡን ነዚ ዓይነት መርመራ መንሸሮ ሪፈራል ዘየድልየካን እንተኾይኑን ብቑዕ ኢኻ።
- ብሰንኪ ናይ ስድራቤትካ/ውልቃዊ ታሪኽ ጥዕናኻ ንመንሸሮ ጡብ ዝለዓለ ሓደጋ እንተሃልዩካ ወይ ድማ ዝተወሰኑ ናይ ጂን ለውጢ ከምዘለካ እንተተመርሚርካ፡ ንመንሸሮ ጡብ ንምምርማር ኣቐዲምካ ወይ ተወሳኺ መርመራ ክትገብር ብቑዕ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። በጃኹም ምስ ወሃቢ ክንክን ጥዕና ተዘራረቡ ነቲ ልዑል ሓደጋ ዘለዎ መደብ መርመራ ብቑዓት እንተኾይንኩም ንምርኣይ።

# ምርመራ ሕማም መንሸሮ ማህጸን



- ሕማም መንሸሮ ማህጸን ዳርጋ ምሉእ ብምሉእ ብምርመራን ኣቐዲሙ ዝግበር ሕክምናን ክትከላኸሎ ይከኣል እዩ።

- ምርመራ ሕማም መንሸሮ ማህጸን ብምርመራ ፓፕ፣ ምእካብ ናይ ዋህዮታት ካብ ማህጸን ይካየድ--ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ምርመራታት ፓፕ፣ ኣብዚ ጠዉቕ ወይ ነቲ ኣብ የማን ዘሎ QR ኮድ ስካን ግበሮ።

- ጓል-ኣነስተይቲ ወይ ጾታ ዝቐየርኪ/ልዕሊ ሓደ ጾታ ማህጸን ዘለኪ፣ *25* ዕድመ ወይ ልዕሊኡ ምስ ትኾኒ፣ ከምኡዉን ኣብ ጾታዊ ርክብ ንጥፍቲ ምስ ትኾኒ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰለስተ ዓመታት ምርመራ ፓፕ ክትገብሪ ምኽሪ ትወሃቢ ኢኺ።
- ስሩዕ ምርመራ ናይ ሕማም መንሸሮ ማህጸን ኣብ ዉሽጢ *10* ዓመታት ኣብ መበል *70* ዕድሜኺ *3* ወይ ልዕሊኡ ንቡር ምርመራታት ጌርኪ ምስ ትኾኒ ከቋርጽ ይኽእል እዩ።
- ሕማም ናይ ምክልኻ ክእለትኪ ዘዳኽም ኩነታት ከምኡዉን/ወይ ሕማም ናይ ምክልኻ ክእለትኪ ዘድክም መድሃኒት ምስ ትወስዲ፣ ብኽብረትኪ ምስ ኣቕራቢ ክንክን ጥዕና ብዛዕባ ማዕረ ክንደይ ክትምርመሪ ከም ዘለኺ ተዘራረቢ።

ምርመራታት ፓፕ ነቶም ብቑዓት ዝኾኑ ኣብ ክልኒካት NYTHP ምርመራ ናይ ሕማም መንሸሮ ከም ብዘይ ቖጸራ ትኸዶም ንኽቦም። ምርመራታት ብጓል-ኣነስተይቲ ብዓል-ሞያ ክንክን ጥዕና ክካየዱ እዮም።

**ከም ኣማራጺ ብ811 ናብ Health Connect Ontario ደዉል ከምኡዉን ናይ ከባቢ ክልኒክ ምርመራታት ፓፕ ዝህብ ሕተት ወይ ንቐንዲ ኣቕራቢ ክንክንካ ርኸቦ።**

---

# ምርመራ ሕማም መንሸሮ መዓናጡ (ኮሎሬክታል)



- ሕማም መንሸሮ መዓናጡ (ኮሎሬክታል) ኣቐዲሙ ምስ ዝርከብ 9 ካብ 10 ሰባት ክሓዉዩ ይኽእሉ እዩ።
- ምርመራ ሕማም መንሸሮ ናይ ኮሎን ብናይ ሽንቲ ቐልቐል ኢሚኖከሚካል ምርመራ (FIT) ቕልጡፍ፣ ዉሑስ ከምኡዉን ቓንዛ ዘይብሉ ኾይኑ፣ ከምኡዉን ኣብ ገዛ ክግበር ይኽእል እዩ።

**ንምርመራ ሕማም መንሸሮ መዓናጡ (ኮሎሬክታል) ብቑዕ መን እዩ?**

- ናይዚ ዓይነት መንሸሮ ዝኾነ ናይ ስድራ ታሪኽ ምስ ዘይህልወካ፣ ኩሉ ሰብ ኣብ መንጎ *50* ክሳብ *74* ዓመታት ዝርከብ *FIT* ብምጥቓም ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ዓመታት ንናይ ኮሎን ሕማም መንሸሮ ክምርመሩ ኣለዎም። እቲ *FIT* ኣብ ሽንቲ ደገ ብሕማም መንሸሮ መዓናጡ ወይ መንሸሮኣዊ ሕበጣት ዝመጹ ንዉሕድ ዓቐን ደም ይፍትሽ። እቲ ክኢላ ነርስ ኣብ *NYTHP* ክልኒክ ምርመራ መንሸሮ ብቑዕ ምስ ትኸዉን ንዓኻ ምርመራ ክእዝዘልካ ይኽእል እዩ።
- ናይዚ ዓይነት መንሸሮ ናይ ስድራ ታሪኽ ምስ ዝህልወካ *(ቐደማይ ደረጃ ዘመድ)*፣ ወይ ኣብ ናይ መዓናጡኻ ምንቕስቓስ ቐጻሊ ለዉጥታት ከምኡዉን ዘየቓርጽ ናይ መቐመጫ መድመይቲ ምስ ዝህልዉኻ ብኽብረትካ ንኣቕራቢ ክንክን ጥዕና ተዘራረብ።

**ከም ኣማራጺ፣ ንኣቕራቢ ክንክን ጥዕና ርኸቦ ወይ ንከራኽቡኻ ናብ 811 ወይ ናብ:-Health Care Connect ብጻሕ ወይ ነቲ ኣብ የማናይ ዘሎ QR ኮድ ስካን ግበሮ።**